ኣብ ቤት ፅሕፈት ህንፀትን ምምሕዳር መጎዓዝያ ወረዳ ሕንጣሎ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ቁፅፅርን ዲዛይን ስራሕቲ ህንፀትን ኣብ ናይ 2017 ዓም በጀት ዓመት ዋንነቱ ናይ ቤት መዘጋጃ ሒዋነ ማይነብሪ ዝኮነ ኣብ ጠቢያ ሒዋነ ዝርከብ ናይ ቤት መዘጋጃ ቤት ፅሕፈት ህንፃ ናይ መሰረት ስራሕቲ ንምስራሕ ኣብ ክልልና ትርከቡ ናይ ደኣንት ሰርፊኬት ደረጃ 8 GC ደቀቅቲ ደራጃ 8 BC ንእሽተይን ብቅዓት መረጋገፂ ዘለኩም ማሕበራት ዉልቀ ዳኣንት ኣጨሪቱ ብዝሐዞ መሰረት ከስርሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ታሕሳስ 23, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 12, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:45000
- ቦታ:ዓዲ ጉዶም
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:500
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 12, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ተጫረቲ ደረጃ 8 ህንፃ ኮንስትራክሽን BC ኣናሽተይን ደረጃ 8 ህንፃ መንገድን ጠቅላላ ኮንስትራክሽን GC ደቂቅን ንግድ ትካልን ኮንስትርክሽን ማሕበራት ዉልቀ ዳአንትን ዝምልክት ኮይኑ ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝተገለፀ ፕሮጀክት ክጫረቱ ይክእል እዩም

2 ናይ 2017 ዓም ዝተሐደሰ ኦርጅናልን ዘይምለስ ኮፒን ብቤት ፅሕፈት ዘፈር ቁጠባ ልምዓትን ደቀቅቲ ኣናእሽተይ ንግዲ ትካላት ዝተዉሃቦ ብርኪ ትካል ምስክር ወረቀት ናይ ንግድ ምዝገባ  ምስክር ወረቀትን ስራሕ ፍቃድን ናይ ኮንስትራክን ተኮናተራይነት ብቅዓት መረጋገፂ  ካርዲ ናይ ግብሪ ከፋላይ መዝገባ ሰርተፊኬት ቲን ናይ መቅረባየንተ ሰርፊኬትን ናይ ታሕሳስ ወርሒ ቫት ዲክላሪሽንን ሰርተፊኬት ከምእዉን በዚ ሓድሽ መመርሒ ነቲ ዝሐዝዉ ብርክ ዝምጥን ስራሕ ልምድን ግብሪ ዝከፈልሉ ምካኖም ዝገልፅ መረዳእታን ካብ ሕጋዊ ካብ ኣከብቲ ግብሪ ከቅርቡ ዝክእሉ ክኮኑ ኣለዎም

3 መከበሪ ጨረታ ካብዞም ዝስዕቡ ብሐዲኡ መልክዕ ዝቀርብ ኮይኑ ብጥረ ገንዘብ ወይድማ ብናይ ኢትዩጰያ ብሄራዊ ባንኪ  ካብ ዝተፈቀደሎም ባንኪታት ወይድማ ፋይናንሳዊ ትካላት ዝዉሃብ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ዉሕስና ባንኪ ታት ወይድማ ፋይናንሳዊ ትካላት ብዝረጋገፅዎ ቼክ ማለት እዉን ስፒኦ 45000 ከቅርቡ ኣለዎም

4 መከበሪ ጨረታ ብኣድራሻ ናይ ቤት ፅሕፈት ህንፀትን ምምሕዳር መጎዓዝያን ወረዳ ሕንጣሎ ከይድ ስራሕ ቁፅፅር ዲዛይንን ስራሕቲ ህንፀትን ተባሂሉ ክፀሓፍ ኣለዎ

5 ብተወሳኪ ዕለትን ሽምን ተጫራታይ ኣብቲ መከበሪ ጨረታ ክፃሓፍ ኣለዎ

6 ተጫራቲ ናይ ዝተጫረትሉ ስራሕቲ ፕሮጀክት ዉዕሊ ካብ ዝፍፀሙ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 120 ተከታታሊ መዓልቲ ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሞም ከረክቡ ኣለዎም

7 ኩሎም ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ዕለት 21/4/2017 ዓም ጀሚሩ ካብ ቤት ፅሕፈት ህንፀትን ምምሕዳር መጎዓዝያን ወረዳ ሕንጣሎ ከይድ ስራሕ ቁፅፅር ዲዛይንን ስራሕቲ ህንፀትን ቢሮ ቁፅሪ 28 ኣድላይ መረዳእታ ብምሓዝ 500 ቅርሺ ብምክፋል  ክወስዱ ይክእል እዩም

8 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ጨረታ ሰነድ ሐደ ኦርጅናል ክልተ ፎቶ ኮፒ ኮይኑ ብቅዳሕ ከቅርብ ዝግብእ ዝርዝር ስራሕ ቨኤኪዉ ጠቃለልን ዲዛይንን ጥራሕ ኮይኑ ሕድሕድሕ ሰነዳት ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታታት ምስተዓሸጉ ኩሎም ፖስታት ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ መሊሶም ብምዕሻግን ናይቲ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ኣብ ልዕል እቲ ዓብይ ፖስታ ብዝርአ ቀለም ብምፅሓፍ ናብቲ ጨረታ ተባሂሉ  ኣብ ዝተዳለወ ቢሮ ቁፅሪ 28 ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክሳብ ዕለት 12/5/2017 ዓም ሰዓት 4:00 ናይ ቅድሚ ቀትሪ ብኣካል ብምምፃእ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ከእትዉ አለዎም

9 ተጫረቲ እቲ ጨረታ ሰነድ ብወነ ተሪዲኦም ዋጋ ብምምላእ ፊርማን ማህተምን ብምዕራፍ እቲ ጨረታ ሰነድ ከምቲ ክሽየጥ ኮሎ ዝነበረ ከየጎደሉ ከቅረቡ አለዎም

10 እቲ ጨረታ ወይድም ሕጋዊ ወከልሮም ኣብ ዝተረከብሉ ዕለት 12/5/2017 ዓም ልክዕ ሰዓት 4:00 ናይ ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ዕለት 12/5/2017 ዓም ልክዕ ሰዓት 4:30 ናይ ቅድሚ ቀትሪ

11 ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝትከፈተሉ ግዜን 45 መዓልቲ እዩ

12 እቲ ቤት ፅሕፈት ካሊእ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0914282311 0911084657

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle